# <u>እምበር'ዶ ኣለና ኢና?</u>

ኣንቱም ሰባት ዘክሩስከ ትማሊ

ቃልሲ ኣንጻር መግዛእቲ ነይሩና ድዩ ዝፈላሊ

ሞራልና ከመይ ነበረ ኣብ'ቲ እዋን ገድሊ

ሎሚ ደኣ እንታይ ኣተወና ቁም-ነገር በላሊ

ብትምክሕቲ ብጽበት ክንራጋሕ ከም ኣድጊ በቕሊ

ኣብ ትሕቲ ኢሳያስ ዘርዕም ዘብሊ።

እረ ናበይ ኣበለ እቲ ሓርበኝነት

መን በረዞ እቲ ሕውነት ብጻይነት

ኣብ ነጻነት ማዕቢሉ ዝተኾልፈ ኣብ ሓርነት

ተጎዛዚኻ ዘብዘብ ህድማ ካብ ሓድነት።

መራሒ ብምስኣን ድዩ ተዘሪጉ ሓድነትና

ቁም-ነገር ተሳኢንዎ ሕሜታ ኮይኑ ውዕሎና

ስምና ተጋደልቲ ኣንጻሩ ተግባርና

ኣንፈት ኣጥፊእና ብሕሉፍ ዓጊብና።

ጋም ማን ኣልቦ ዕቤት ኣብ ዘዘላኻዮ

ኣብ ሽቶኡ ከም ዝበጽሐ ኣንጊህና ዝኣመትናዮ

ድማዕ ተሳኢኑ ኣብ ዝወፈርናዮ

ዝዓሞ ስኢኑ ተኾሚሩ ሃገራዊ ዕዮ።

እሞ ...እሞ

ኣሕዋትን ኣሓትን ኤርትራውያን

ኣለና'ዶ ከም ተቓለስቲ ከም ሃገራውያን

እንተሊና ደኣ ዘይንሰምር ኣንጻር ምልካውያን

ባህሪያዊ ሞት ክሳብ ዝሞቱ ንጽበ ንህግደፋውያን

ንመሰልና ዘይንቃለስ ዘይንኸውን ታሪኻውያን።

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 26-07-2017